DAYTON
PUBLIC SCHOOLS

# መተሓሳሰቢ ሓበሬታ ማህደር

ዲስትሪክት Dayton Public School ንመዛግብቲ ትምህርቲ ሓደ ተማሃራይ ምስጢራውነቶም ሓልዩ እዩ ዝሕዞም። መዛግብቲ ብዘይ ካብ ወላዲ/ኣላዪ ኣቐዲሙ ዝወሃብ ናይ ጽሑፍ ፍቓድ፣ ንሳልሳይ ወገን ኣይክዝርግሑን እዮም። ይኹን እምበር፣ እቲ ሕጊ ኣብያተ ትምህርቲ ካብቲ ወላዲ/ኣላዪ ኣቐዲመን ብጽሑፍ ፍቓድ ከይረኸባ “ሓበሬታ ማህደር” ተማሃሮ ክዝርግሓ ይፈቕድ እዩ።

ሓበሬታ ማህደር ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልል እዩ:

- ስም ተምሃራይ
- ኣድራሻ ተማሃራይ
- ቁጽሪ ቴሌፎን(ናት)
- ዕለት ልደት ተምሃራይ
- ተምሃራይ ዝተወለደሉ ቦታ
- ኣብ'ቶም ወግዓዊ ኣፍልጦ ዝተውሃቦም ንጥፈታትን ስፖርቲታትን ዘሎ ተሳትፎ
- ናይ ተምሃራይ ዓወታት፣ ሽልማታት ወይ ናይ ክብሪ ውህብቶታት
- ክብደትን ቁመትን ተማሃራይ (ኣባል ኣትሌቲክስ ጋንታ እንተኾይኑ)
- ቀንዲ ዓውዲ ትምህርቲ
- ትምህርቲ ዝተኸታተለሎም ዕለታት ("ካብ" ን "ክሳብ" ን ዕለት ምዝገባ)
- ዕለት ምርቓት
- ምስ'ቶም ኣብ ናይ ዲስትሪክትን ቤት ትምህርቲታትን ምድላዋትን ንጥፈታትን ዝዛመዱ ስእልታት ን/ወይ ቪድዮታትን ተማሃሮ ብሓደ ምስ ናይ'ቶም ተምሃሮ ኣብ ከም ምድላዋት ስፖርት፣ ፍርያታት ቴያትርን ፕሮጀክትታት ምምሕያሽ ማሕበረሰብን ዝበሉ ንህዝቢ ክፉታት ዝኾኑ ምድላዋት ዝነበሮም ተሳትፎ ዝተኣሳሰሩ ስእሊታት ን/ወይ ቪድዮታት ተምሃሮ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ ተምሃሮ ን ናይ ውልቂ መለለዪ መንነቶም ዝገልጽ ባጅን ነቲ ናይ ቤት ትምህርቶም ዓመታዊ መጽሓፍን ክበሃል ስእሊ ክሰኣሉ እዮም። (ዝርገሐ ስእሊ/ቪድዮ ነቲ ናይ ቪድዮ ክትትል ምስሊ **ዘጠቓልል** ኣይኮነን)።

ኣስተውዕል: ስእልታት ን/ወይ ቪድዮታትን ኣብ ናይ'ቲ ዲስትሪክት ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ መርበብ ሓበሬታ፡ ናይ ዜና መጽሄታት፡ ሕትመታት፡ ወይ ካልእ መራኸቢ ሓፋሽ ክካፈሉ ይኽእሉ እዮም። እቶም ን ናይ'ቲ ተምሃራይ መለለዪ መንነት ባጅን እቶም ነቲ ናይ ዓመታዊ መጽሓፍ ተባሂሎም ብፍላይ ዝውሰዱ ስእሊታት፣ ነቶም ዝተጠቕሱ ዕላማታት ጥራሕ እዮም ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ፣ ኣብ ካሊእ ቦታ ድማ ኣይክዝርግሑን እዮም።

እንተደኣ ወለዲ ንዝኾነ ዓይነት ሓበሬታ ማህደር ምክፋል ክኽልክሉ ድልየት ኣለዎም ኮይኑ፣ ብመሰረት ፖሊሲ ዲስትሪክት፣ ነዚ መተሓሳሰቢ እዚ ካብ ዝተቐበሉሉ ዕለት ኣትሒዞም ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙናት ከፍልጡ ኣለዎም።

ነዚ ሓሳብ እዚ ንምንጻግ፣ ነቲ ኣብ ኦንላይን ዝርከብ ናይ ቅጥዒ መንጸጊ ኣብ https://forms.gle/FjheU1AWgCawrVXC6 ብምኻድ መሊኦም ክዛዝሙ ኣለዎም ወይ ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኮድ QR ስካን ክገብሩ ኣለዎም። ዝኾኑ ሕቶታት ምስ ዝህልዉ፣ ናብ directoryinformation@daytonpublic.com ኢሜይል ክትልእኽ ወይ ናብ 937-542-3065 ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ሓንሳእ እቲ ቅጥዒ ምስ ተመልአ፣ እቶም ፍቓድ ንዘይምሃብ ዝወሰንካሎም ነገራት ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ተምሃራይ ዲስትሪክት ናይ'ቲ ተምሃራይ ምልክት ክግበረሎም እዩ።